# መአዝና ናበይ ሓደራ ከይንጋገ
# ኩሉ ኣብ ትሕቲ ናይ ህዝቢ ውሳነ

**ክፍላይ ተክኤ**
**ዕለት 08-07-04 ጀርመን**

ዝኸበርከ ኣንባቢ መአዝና ናበይ ሓደራ ክይንጋገ ኩሉ ኣብ ትሕቲ ናይህዝቢ ውሳነ ዝብል ኣርእስቲ ተሞርኪሰ ክጽሕፍ እንከለኹ:ሃገርና ኤርትራ ብሌን-ዓይንና ስለ ዝኾነት ብኣኣ ክሓስብ እከለኹ ሓደ ዘተሓሳስበነ ስክፍታታት ኣብ ኣእምሮይ ስለ ዝመጽእ:ንዕኡ ከኣ ፍታሕ እነምጻኣሉ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ኣነ ኤርትራዊ እየ:ኤርትራ ናተይ እያ: ወረስታ ደቀይ እዮም ዝብል ኣምር ንሓንጎልና ዕረፍቲ ክንኸልኦ:ንሕና ኤርትራዊያን ከኣ ሽግራትና ጎነጻትና ባዕልና-ንባዕልና ክኽዉን ከሎ መአዝን ኣተሓሳስባና ከነማዓራርይ ኣሎና:: ምናልባሽ ከምዚ ክብል እንከለኹ ሓሳብ ከብ ወዲ ሰብ- ይብገስ:ናብ ብዙሓት ደቂ-ሰባት ከኣ ይመሓላለፍ (Transparent) እዚ ስነ ኣእምራዊ ናይ ስነ-ሓሳብ ኮይኑ:ንኩነታት ከኣ ብናይ ብዙሓት ሓሳባት ስለዝፍታሕ:ከብዚ ብምብጋስ ከኣ ንኣከታቲለ ክዕዘቦ ዝጸናሕኩ ዝዕዘቦ ዘለኹን: ወትሩ ከኣ ኣእምሮ ደቂ-ሰባት ቅሳነት ዘይህብ ስለዝኾነ:ነዚ ከኣ ስቅ ኢልከ ክትሓልፎ ክትዕዘቦን ሕልናይ ጥራሕ ዘይኮነስ:ሕልና ኩሉ ኤርትራዊ ስለዘይቅበሎ:ብዓቢኡ ከኣ ቅሳነት ህዝበይ ቅሳነት ሃገረይ:ከምሰብ መጠን ኣእምሮ ናይሰብ ስለዘሎኒ:ከም ሰብ ረቌሒ ናይ ሰብ መጸውዒ ስም ዘሎኒ ንኣታሓሳሳቢ ኩነታት ሃገረይ ኣልዒለ ክዘራረበሉን: ናይ ብሓባር ኮንከ ክትዛረበሎም ናይ ነፍስ ወከፍ ኤርትራዊ ክኸውን ከሎ: ኣብዝ ግን ሓደ ዘተሓሳስብ ጉዳይ ኣሎ: ንሱ ከኣ መአዝና ናበይ ሓደራ ከይንጋገ ኩሉ ኣብ ትሕቲ ናይ ህዝቢ ውሳነ ክብል እንከለኹ ከም ደቂ-ሰባት ፖለቲከዊ ፍልልያት (**Different political opinion)** ክህሉ ባህርያት ናይ ፖለቲከ እዩ ንፖለቲከዊ ፍልልያት ግን መፍትሒ ክንደልየሉ ኣብቲ መሰረታዊ መአዝን ናይ ዲሞክራሲ(**Democracy)** ናይ ሓባር ክህልወና መድረኽ ክመጽእ ክኽእል ኣለዎ:: እዚ ከኣ ምእንቲ ሓንቲ ኤርትራ ኮይኑ ብሓባር ክንጠልቦ ክንክእል ኣሎና:: እዚ ከኣ ትርጉም ዝመልኦ ሕድሕዳዊ ምርድዳእ እፎይታ ህዝብና መነባብሮ ሕብረተ-ሰብና ዘረጋግጽ ክኸውን ከሎ ብዓቢኡ ከኣ ሰላም (Peace) መዋዳድርቲ ዘይብላ ወዲ-ሰብ ዝሃርፋ ክትከውን ከላ ሰላም ቁጠባዊ ዕብየት ናይ ሃገርን-ህዝብን ተምጽእ:: ሰላም ንዝኾነ መአዝናትን ኩርናዓትን ሰንጢቃ ፈታሒት ኣምራት ክብላ ከለኹ ኤርትራዊ ፍሽኽታ ኮይኑ ርትዓዊ ኣባህህላ ስለ ዝኾነ ከኣ ኩርዓት ኣእምሯዊ ሓበን ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ይስማዓኒ::

መአዝና ናበይ ሓደራ ከይንጋገ ኩሉ ኣብ ትሕቲ ናይ ህዝቢ ውሳነ ክብል እንከለኹ መአዝና ስሒትና ንጓዓዝ ከይንህሉ ስክፍታታት ብምህላው ንውጽኢት መአዝን ስክፍታታት ከኣ ብሻዕኡ ከሎ እንተዘይጠሚትከዮ ንለባም ኣእምሮ ዘለዎ ሳዕቤናቱ ስለዝርድኦ ዓው ኢሉ መልእኽቱ የመሓላልፍ ኣሎ:: ንሕና ኤርትራዊያን ከኣ ነዚ ናይ መአዝን ሕልኽልኽ ጊዜ ስለምንታይ ኢና ሃዲእና ኣስተውዒልናን ምኽርን-ሓሳብን በብዓቅምና ክንህበሉን ክንሓስበሉ ዘይንኽእል ዘሎና:: ኣብዚ ከተሓሳስቦ ዝደሊ ነፍስ-ወከፍ ሰብ ንነብሱ ተመሊሱ ይሕተታ: ከብ ዝነኣሰ-ክሳብ እቲ ዝዓበየ ዓቅሚ ኣዳም ዝበጽሖ ንመአዝን ኣቅልቦ ዓለምና እትኽዶ ዘላ ብልክዕ ብኣትኩሮት ጠምታ በቲ ሓደ ሸነኽ ከኣ ንኤርትራ ብሌን ዓይንና ቋሕ ኢልና ንጠምታ: ብሓቂ ከኣ ኣብ ኣእምሮና ትዝ ምስበለና: ብሓንሳብ ኣብ መኣዲ ሰላም ኮይና ፍልልያትናን-ጸገማትናን ንዘትይ ትብል ቃል ንሓንቲ ኤርትራ ደበኽ ክትብል ከላ እፎይታ ህዝቢ ንፋሳት ክሃድኡ: ሰማዕን-ኣስማዕን ድምጺ-ወሃብን ጽን-በሃልን ንሕና ኣሕዋት ህዝቢ ዶ ኣይኮናን ኣህዳእቲ? ነዚ ክጠቅስ ስለ ዝደለኹ እየ መአዝና ናበይ ሓደራ ከይንጋገይ ኩሉ ኣብ ትሕቲ ናይ ህዝቢ ውሳነ ዝብል ዘለኹ: ስለዚ ጽባሕ-ንጉሆ እዚ ሃዋሁ እዚ ኣበይ ተሓቢኡና ነይሩ ከመይ ገይሩ ድቃስ ከውታ ናይለይቲ ይወስደና ነይሩ: ከብዚ ዝጥዕም ናይ ሰላም ሂወት እንታይ ኣሎ ክባሃል ምኻኑ ከም ጸሓፋይ ሓሳብ ኣቅራብን ኣይጠራጠርን:: ነዚ ኣብ ላዕሊ ጠቂሰዮ ዘለኹ ናይ ሰላም እፎይታ ድልየት ኩላህና ስለዝኾነ: ሕጅውን ደጋጊመ ኣይጠራጠርን:: ኩሉ ንሓንቲ ኤርትራ ኮይኑ ኣብ ትሕቲ መባእታዊ መበገሲ ቅዋም ሕጊ ተማእኪሉ

ክመጽእ ከአ አወንታዊ ሓቂ እዩ:: እዚ ከብ ኮነ እቲ ሓቂ: ወረ እንታይ እዩ እቲ ጸገማት? ከም ሓሳብ አቅራቢ መልሲ ክህበሉ እንተደለ ኮይኑ ጸገም ዘሎ አይመስለንን: ጸገማት እንተድሉ አሎ ኮይኑ ህዝቢ ዘይፈልጦን ዘይከፈሎን: ብዘይ ህዝቢ ከአ ዝዕረይ ነገር ስለዘየሎ: ሃገር ከአ ናይ ህዝቢ እያ: ኩሉ ሃገራዊ ጸገማት ናይ ኩሉ ሃገራዊ ሓላፍነት ኮይኑ: ኩሉ ከአ አብ ትሕቲ ህዝቢን ቁዋም-ሕጊ ዶ አይኮነን ዝፍታሕ:: ሕጅስ ንመጻኢ ወለዶ ጥጥሕቲ ኤርትራ ውሽጣውን-ደጋውን ጎነጻት ዘይብላ ክንገድፈሎም ዘይንሓስብ ግዳ:: ለባማት አቦታትና ከም ዝብልዎ ዓቢ አጽናሒ: መንእሰይ ወለዶ ተረከቢ ዶ አይኮነን? መንእሰይ ዋርሳይ-ይከአሎ ንሉኡላውነት ሃገሩ ክከላኸል ዓወት ንሓፋሽ እናበለ ትርግታ ህርሚት ልቡ ደሃይ አጥፊኡ ክሓልፍ ከሎ እስከ ትዝ ይበልና: ዕሽል እዩ ሓሊፉ ዓለም ዘይጸገበላ ብናቱ መስዋእቲ ዳግማይ ናይ ርእሰ ምትእምማን ናጽነትና ዘኸበርና::ስለዚ መንእሰይ ዋርሳይ ይከአሎ ዋልታ ሃገር እዚ ከብ ኮነ ቅይኡ: ንሕና ኤርትራዊያን ድማ ልቦና ገርና ሕድገታት ናይ ለባማት አቦታትና_ስለ ዝጸንሐ: ኤርትራ ብሌን-ዓይኖም ናይ ደቅና ስለዝኾነት ንሕና አረከብቲ አቦታት ድማ ንታሪኻዊ አማጻጽአና ታሪኻዊ ዕረፍቲ ጌርና መአዝና አተዓራሪና እቲ ዝጥለብ ዘሎ ዕማማት ምስ እንገብር ጽባሕ-ንግሆ ንታሪኻዊ ክብርናን ኩርዓትናን ንወለዶታት ዘሕብን እዩ ዝኸውን:: እቲ ሓቂ አባህላ እሱ ኮይኑ: ሕጅውን ንሕሰብ ንመጻኢ ወለዶ እናበልኩ ደጋጊመ የተሓሳስብ::

ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱ ጨቢጡ ንርብዒ ዘመን ብቃልሲ ስለዝሓለፈ ተሞክሮታትውን ብዙሕ ዘጥረየ: ናይከልኦት ሃገራት ዝተፈላለየ ጠንቅታት በብእዋኑ ስለዝረአየን: ህዝቢ ኤርትራ ከአ መሃሪ መድረኻት ቀሲሙ ዝዓበየ ክንሱ ሕጂደአ እዚ ኩሉ አበይ አበለ:: ነዚ ተዘኩረታት እዚ ምስዘከርኩ እየ መአዝና ናበይ ሓደራ ከይንጋገ ኩሉ አብ ትሕቲ ናይ ህዝቢ ውሳነ ክጠቅስ ዝተገደድኩ:: እዚ ከአ ብዘይ ምኽንያት አይኮነን ንኹሉ አስተብሂለ ስለ ዝጠመትኩ ከአ ቅርጺ መንግስቲ (government structure) ውሕስነት ህዝብን ሃገርን ዘራጋግጽ ቁዋም-ሕጊ ምስ ሃለወ: ህዝቢ ቁዋም-ሕጊ ክብልን ክህልዎን መራጋገጽ መሰሉን ማዕርነቱን ስለዝኾነ: ብቅዋም ክእለይን-ክማሓደርን ስለዝደልይ ብዓቢኡ ከአ መለለይ ህላውነቱ አብ ህዝቢ ዓለም ቁዋም-ሕጊ ስለዝኾነ: ስለዚ ቁዋም-ሕጊ መባእታዊ አምር ናይ ሓደ-ሕብረተሰብን ሃገርን መንግስትን እዩ:: እምባአርከስ እዚ ከብ ኮነ እቲ አወንታዊ ንሕና ከም ሕብረተ-ሰብ ከአ ከብ ዓለም ተፈሊና አይኮናን ንነብር ዘለና እንታይ ደአ አብታ ዝማዕበለት ፕላኔት(planet) ምድሪ ዓለም እሞ ከአ አብ መበል 21 ክፍለ ዘመን(century) ኢና ንርከብ: ህዝቢን ሃገርን መንግስቲን ዝኾና ትርጉም አምራት ዝሓዘለ አመጻጻአ ናጽነትና ስለዘሎና: ብመቃልሕ ቁዋም-ሕጊ ንፖለቲከዊውን ቁጠባዊን ማሕበራዊን ብዓቢኡ ፍርዳዊ ትከላት ንኹሉ ዘማዓራርይ ክህልወና ናይ ግድን እዩ:: እምባአርከስ ደጋጊመ ክብሎ ዝደልይ ንሃዋሁ ምውህሀድን ምርርዳእን እናጠመትና ንሓቅታት ተመርኩስና ብአጋባብ ነቲ መዕለቢ ስኢኑ ዘሎ ድሌት ህዝቢ: ብድሌት ጥራሕ ዘይኮነስ ክኸውን ዘለዎ ስለዝኾነ ክንምልሶን ክነተግብርን ክንክእል አሎና:: አብ ደቂ-ሰባት ንዓይ ስምዓኒ ጥራይ እንተዳለ አሎ ኮይኑ: እቲ ንኩላትከ ዘራኽብ ነጥቢ ከመይ ገይሩ ክመጽእ? ስለዚ መአዝን ጌጋ አብ ርእሲ ጌጋ ስለ ዝዳራረብ ኣብ ምወዳእታ አጸጋሚ ይኸውን:: እዚ ከይመጽእ ግን ህዝብን-መንግስትን ጽን እናተባሃሃሉ ናይ ምስማዕ ዓቅልን ተጻዋርነትን ክእለትን እንተዳለ አሎ ኮይኑ: ጸገማት ናይ አፈታትሓ ሽግራት አጸጋሚ አይክኸውንን: ንኹሉ ከኣ መሰረታዊ ስርዓት ቅዋም-ሕጊ እዩ ዝውስኖ::

አብዚ ሓደ ነገር አሎ ክብሎ ዝደለኹ: ከይጠቀስክዎ ክሓልፍ አይደልይን: ንሱ ከአ ሓደ-ህዝቢ:ሓደ-ልቢ ንብል እዚ ቃል እዚ ከቢድ ትርጉም ዘለዎ ቃል እዩ:: ልክዕ እዩ ከምኡ ከኣ ክንከውን ኣሎና:: እምባአርከስ እሱ ከብ ኮነ ናይ ሓባር ጭርሖ(slogan) መኣዝና ናበይ ሓደራ ከይንጋገ ኩሉ ኣብትሕቲ ናይ ህዝቢ ውሳነ ዝብሎ ዘለኹ: ኩሉ ህዝቢ ኣብትሕቲ ቅዋማዊ-ሕጊ ተቀይዱ ንፖለቲከውን ቁጠባውን ማሕበራውን ክንጥርንፈሉ ዘየኽእለና መንገዲ እንታይ ኣሎ:: ልክዕ እዩ ናይ ወዲ-ሰብ ኣራኣእያን ኣተሓሳስባን ሓደ ክኸውን ኣይክእልን እዩ: እሱ ከኣ ነናቱ ኣገባብ ኣለዎ: ኣብቲ ንዓና ዝጠቅመና ንሃገርና ዝሓቁፍን ህዝቢ ዝዓግበሉ ዘየሰማማዓና ምኽንያት ዘሎ ኮይኑ ኣይመስለንን:: ሕጅ ውን ንጠንቀቅ ንሕሰብ መኣዝና ከይንስሕት ደጊመ የተሓሳስብ::

ኣብ ጉዕዞ ናይዚ ዘለናዮ ኩነታት ብዙሕ ትዕዝብትታት ኣሎ፡ ከማይ ውን ኣሻሓት ኣለዉ። እቲ ዝግበር ብፍላጥ ድዩ ብዘይ ፍላጥ ብዙሕ ክዛረበሉ ኣይደልይን ኣብ ጉዕዞና ንርእዮ። ኣብ ኣባሃህላ ኣብ ወዲ-ሰብ ግን ሓደ ነገር ኣሎ እሱ ከኣ ስምዒት ናይ ወዲ-ሰብ እዩ፡ ንስምዒት ናይ ወዲ-ሰብ ክትዓግት ኣይትክእልን ኢኻ መሰሉ ስለዝኾነ፡ ስምዒት ናይ ደቂ-ሰባት ግን ከብ ግዜ ናብ ግዜ እና ኣስተውዓለ ክኸይድ ግቡእ እዩ፡ ምኽንያቱ ናይ ወድ-ሰብ ኣእምሮ እናፈለጠን እናደለበን ስለ ዝኸይድ ንኣባሃህልኡ ከኣ ሕማቅን-ጽቡቅን ጌጋን-ቅኑዕን ክብል የኽእሎ።

ልክዕ እዩ ሃገራዊ ስምዒት(national filling) ኣብ ነፍስ ወከፍ ኤርትራዊ ክህሉ ዘየዛርብ ኣወንታዊ ሓቂ እዩ፡ነዚ ግን ንጌጋታት እናረኣኻ ብስምዒት ቅኑዕ ምባል ብመሰረቱ ጉጉይ ኮይኑ፡ ብዓቢኡ ከኣ ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ስለ ዘይጠቅም፡ መኣዝና-መኣዝን ሓቂ ክኸውን ክኽእል ኣለዎ። ኣብዚ ከታሓሳስቦ ዝደሊ ኣብ ጌጋ ዝራኣየሉ ምእንቲ እቲ ጌጋታት ቀልጢፉ ክእረም ብሓባር ጌጋ ኣሎ ክንብል ክንክእል ኣሎና፡ ኣብ ቅኑዕ ከኣ ቅኑዕ ንበል፡ ንኹሉ ግን ብሓደ ዓይኒ ምጥማት ናይ ዘይ ብስለትን ዘይምምማይን ዘገምት ስለዝኾነ፡ ወዲ-ሰብ ከኣ ኣእምሮ ስለዝተዓደሎ፡ ኣእምሮ ደቂ-ሰባት ከኣ መማይን ጠማትን ኣስተውዓልን ክኸውን ይግባእ። እዚ ከኣ እዚ ቅኑዕ እዩ እዚ ቅኑዕ ኣይኮነን ምባል መሃርን ኣራምን እዩ ክኸውን ዝኽእል፡ ህዝብን መንግስትን ከኣ ብኸምኡ ክንዓዝ ክኽእል ኣለዎ። ጸሓፍቲ ከምዝብልዎ ንጌጋ ቅኑዕ ስራሓት ይሕልዎ፡ ንቅኑዕ ከኣ ቅኑዕ ተባሂሉ ስራሓቱ ይቅጽል፡ ስለዚ ወዲ-ሰብ ጌጋን-ቅኑዑን ከምዘሎ ፈሊጡ ንክልቲኦን ክሓተለንን ክምልሰለንን በብናታተን ተግባራት ክኽእል ከሎ፡ ኩሉ መኣዝን ኣከይዳና እናተኣራረመ ይኸይድ።

ኣብ መወዳእታ ጽሑፈይ ሓሳብን-ርኢቶን ምቅራብ ከብ ወድ-ሰብ ኮይኑ፡ መልእኽቲ ሓሳባትን-ርኢቶን ግን መሃርን ኣራምን ክኸውን ብትሕትና የተሓሳስብ።

**ክፍላይ ተክኤ**
**ጀርመን**